

ኣርእስቲ

መጽሓፍ፣ **“ሌላ ምስ ጅግና ሰውእ ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ**

ደራሲ፣ **ግርማይ ቦኹረ ካሕሳይ**

ደራሲ መንሰአ ጽሑፉ ንምጥዕዓም ንተጋዳላይ “መልኣከ ተኽለ” ከም ቀንዲ ኣርእስቲ’ኳ እንተኣቐረቦ፡ ታሪኹስ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ስርሒታትም ፍጻሜታትን ናይ ብዙሓት ኤርትራውያን እዩ ዝገልጽ። ንብዙሕ ተረኽቦታት ድማ ይተናኸፍ።  እዚ ክድህሰሰን ክጭበጥን ክርኣይን ዝኽእል መለዮ (objective) ናይ’ቲ ዝሓለፈ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክኸውን ከሎ፡ ማንም ኣንባቢ ብኽርድኦ ዝኽእል ቃላት እዩ ቀሪቡ ዘሎ። እዚ ኮይኑ ከብቅዕ፡ ጸሓፊ ዝተራቀቀን ሙኡኹልን ዝኾነ ፅንሰ- ሓሳብ (thesis/concept) ከም መንቀሊ ድርሰቱ ገይሩ ዘቕረቦ ንምርዳእ ብዑምቀት ምንባብ የድሊ። ስለዚ መልእኽቲ ጽሑፉ ብግቡእ ንምግምጋም ከምዚኦም ዝስዕቡ ሓተታታት ይቐርቡ፡-

1. መሰረት ጽሑፍ ደራሲ ካብ ምንታይ ሓሳብ (theory) ዝመነጨ ወይ ዝተላዕለ ኢዩ? (subjective)
2. ነቲ ረቂቅ ሓሳብ ስጋ ንኸልብሶ (objective)፡ ከመይ ዝአመሰለ ድህሰሳ (methodology) ተጠቂሙ?
3. ውጽኢት መጽናዕቱ ኣዕጋቢ ድዩ ወይሲ ብቐጻሊ ምርምር ዝሓትት ኢዩ?

ነዚኦም ሕቶታት መምርሒ ብምግባር፡ ናብቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ጽሕፉና ንእቶ።

ብወገነይ ከም እተረዳእክዎ: እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይ ደራሲ “ መሪሕነት ካብ ባህሪ ወይ ኣተዓባብያ” ፈሊኻ ክርኣይ ከም ዘይግብኦ ንምግላጽ ኢዩ። ወይ ብእንግሊዝ the relationship between leadership and character ብዝብል ክጥቀስ ይከኣል።

ነዚ ንመረዳእታ ዝኸውን፡ ጸሓፊ ንመልኣከ ተኽለ ከም ቀንዲ ገጸ-ባህሪ (protoganist)  ገይሩ ከነቕረቦ ከሎ ኢና ንርኢ። መልኣከ

ኣብ ዓዲ ንኣምን ብፍላይ ብግዚኡ መራኸቢት ተጋደልቲ ዝነበረት ተወልደ። ትሽዓተ የሕዋትን ኣሓትን ክህልውዎ ከለው፡ ንሱ ንዳሕራዩ ዝተወልደ ዳርጋ ሕሳስ ልደ ወዲ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ካብ ራብዓይ ክፍሊ ንላዕሊ ኣብ'ታ ዝተወልደላ ዓዲ ክመሃር ስለ ዘይከኣለ፡ ወዲ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ከሎ፡ ኣብ ኣስመራ ገዛ ተኻርዩ ትምህርቱ ቀጸለ። ኣንበብቲ! ኣብዚ ንኡስ ዕድመ ካብ ወለዱ ተፈልዩ በይኑ ከቅመጥ ኢልካ ዘይሕሰብ ኢዩ። ካብ ዓዲ ብባቡር ዝሰደደሉ ዕንጨይቲ እንዳሸጠ፡ ገዛ ክራይ ክኸፍል ልብኻ ይበልዓካ።

እወ ስለ ምሒር ፍቅሪ ትምህርቲ ዝነበሮ። ኣብ ቤት ጊዮርጊስ ኣትዩ ክማሃር ከሎ፡ ብድፍረት ምስ ኣሕሉቁን መምህራንን ብዘይ ፍርሒ ይመላለስ ምንባሩ  ክሳብ ሎሚ መማህርቱ ይዝክሩ። ከምኡ ሳላ መንፈዓቱ ኣብ ሳንታ ፋሚልያ ሞደል ሰከንድሪ ኣትዩ ትምህርቱ ቀጸለ።  ብድሕሪኡ ኣብ ከረን ካልኣይ ደረጃ እንዳተምሃረ ከሎ ዝረኣዮ ግፍዕታት ወታሃደራት ኢትዮጵያ ብርቱዕ ሃገራዊ ስምዒት ከሕድረሉ ከኣለ። ኣብ መወዳእታ ካብ ኤርትራ ካብቶም ምሩጻት ተማሃሮ ሓደ  ኰይኑ፡ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ዝርከብ በእደ-ማርያም ላባራቶሪ ኮለጅ ምስ ኣተወ፡ መንፈሱ ኣብ ክንዲ ትምህርቲ፡ ፓለቲካዊ ስምዒት ስለ ዝዓብለሎ፡ ኣብ ኣጋ 1971 ኣብ ሜዳ ብምስላፍ ከም ኣባል መሪሕነትን፡ ጸጥታ ሓላፊን፡ ተጋዳላይን ኰይኑ ጉቡኡ  ምስ ፈጸመ፡ ብጉጅለ ዓብደላ ኢድሪስ ተቀንጺሉ ተሰውአ።

እዚ ተሞክሮ ህይወቱ ክኸውን ከሎ፡ ብተፈጥሩኡ ግና ሓያል፡ ደፋር፡ ቅኑዕ፡ ትስፍው፡ ራእይ ናጽነት ኤርትራ ከም ዝነበሮ (psychosocial developmental model) ብምቅራብ ደራሲ ይገልጸልና። ምኽንያቱ ከም ዝጠቀሰናዮ፡ ክእለት ኣመራርሓ ናይ ሓደ ታሪኻዊ  ሰብ (historical personage) ካብ ተውህቦኡን ኣተዓባብይኡን ነጺልካ ዘይርኣይ ኢዩ። ከምቲ ሳሞራ ማሽል ዝበሎ

“ ሰውራዊ (revolutionary) ንምኳን ትምህርትን ውርስን ዘድሊ ኣይኮነን፡ እንታይድኣ ንዕኡ ዝተወለድካ ክትከውን ኣሎካ።” እዚ ናይ መልኣከ ተኽለ መርኣያ ክኸውን ከሎ፡ መልክዕ ዘይወጾ ሓለንጋይን፡ ጉልቡትን፡ ማራኺን (charismatic) ምኳኑ ደራሲ ይገልጸልና።

ኣብ’ቲ ካልኣይ መምርሒ ሓተታና ብምእታው፡ ጸሓፊ መንቀሊ ሓሳቡ ኮነ፡ ምስ ህይወት መልኣከ ተኽለ ዝተኣሳሰሩ ታሪኻት ዝተጠቕመሉ ሰልቲ (methodology) መቦቀላውያን ዝኾኑ ምንጭታት ኢዮም። ንኣብነት ንሰለስተ ዓመታት መመላእታ ንቤተ-ሰቡ፡ መተዓብይቱ፡ መማህርቱ፡ መጋድልቱ ብሰልኪ ኮነ ብኣካል ቃለ-መሕትት ኣካይዱ። ብፍላይ ዝተበታተኑ ሓበሬታት ኣኪብካ ንምጥርናፍ ዝወሰደሉ ጻዕርን ድኻምን መዘና የብሉን። እዚ ብወገኑ ብፍላጥ ዘዘንተዎምን ፡ ዝገላበጦም ጽሑፋትን፡ ዝኣከቦም ስዕልታትን ከይጸብጸብካ ኢዩ። በዚ’ውን ደራሲ ክምስገን ይግባእ።

ናብ ሳልሳይ ሕቶና ብምስጋር፡ ደራሲ ደጋጊሙ ከም ዝገለጾ፡ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ታሪኽ መልኣከ ተኽለ ኣፈናዊ እምበር መደመደምታ ከም ዘይኮነ ደጋጊሙ ይገልጸልና። ከምቲ ዛንታ ሮመዮን ጁልየትን ነጺልካ ዘይትርእዮ፡ ከምኡ ታሪኽ ሰውእ መልኣከ ተኽለን ኤርትራን ሓደ ኢዩ። ኣብዚ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ግን፡ ደራሲ ብውልቂ ኾነ ብሓፈሻ ዳርጋ ድርብ ታሪኻት ስለ ዘቕረበልና ኢዩ። ኣነ ብወገነይ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣቀራርባ ንህዝቢ ክዝርጋሕ ወትሩ ዝድግፎን ዝሓስበሉን ዝነበርኩ ኢዩ። ጸሓፊ ከምዚ ብምግባሩ ድማ ተኻሒሰ ክብል እደፍር።

**እዚ መጽሓፍ ማእለያ ዘይብሎም ታሪኻትን ፍጻሜታትን ናይ’ቲ እዋን እቲ ኤርትራዊ መንእሰይ ስለ ዘጠቓልል፡ ነፍሲ ወከፍ ሃገራዊ ክገዝኦን ክዕቅቦን እላቦ። ብወገነይ ብሓደ ለይቲ ኣንቢበ ወዲኤዮ። ምኽንያቱ ብትሕዝቱኡን ኣተራርኻኡን ዘልዓለማዊነት** (immortality) **ስውዓትና ዝዕቅብ ብምዃኑ።**

**ጐይትኦም ሃብተማርያም**